## ነዚ ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን መስርሕ ክግበረለይ ፍቓድ እንተዘይሃብኩ ኸ?

እዛ ናይ ፍቓድ ምሃብ ወረቐት እንተዳኣዘይመሊእካያ ፍቓድ አይትህብን ኢኻ ዘለኻ። R.S.D. ድማ ካብ ሻቕሎት ገንዘብ ከድሕነካ ኣይክእልን። እዚ መስርሕ እዚ ናይ ግድን ዝኾነ ክፋል ናይቲ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ስለዝኾነ ነዚ ፍቓድ ዘይምሃብ ነቲ ዓቕን ናይ ንመንበሪ ዝወሃበካ ገንዘብ ሳዖቤን ክህልዎ ይኽእል። ብዛዕባ እዚ ግን ንዓኻ እንታይ ሳዖቤን ከምዘለዎ ክትሓትት ኣገዳሲ እዩ። ናብቲ ተሓጋጋዛይ ናይ R.S.D. ደውለሉ ወይ ድማ ኢመይል ጸሓፈሉ።

## ኣነ ውን ገንዘብ የእቱ እየ። ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን መስርሕ እንታይ ጽልዋ አለዎ?

ሰሪሕካ ገንዝበ ተእቱ እንተኾንካ፡ ንሕና ካብቲ ንመንበሪ ዝወሃበካ ገንዘባዊ ሓገዝ ኩሉ ቀዋሚ ወጻኢታትካ ክንከፍል ኣይንኽእልን። ተሓጋጋዛይ ናይ R.S.D. ብዛዕባ ካብቲ ተእትዎ ገንዘብ ባዕልኻ ክትከፍሎ ትኽእል ክፋል ምሳኻ ይዘራረብ።

## በዓልቲ ቤተይ ናብ ሆላንድ ትመጽእ ኣላ። ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን መስርሕ ከመይ ይኸውን?

R.S.D. ን ሽዱሽተ ወርሒ ዝኣክል ብዛዕባ ናይ ገንዘብ ጉዳያትካ ይሕግዘካ። በዓልቲ ቤትካ ምሳኻ ኣብ ሓደ ገዛ ምቕማጥ ነዚ መስርሕ ዝትንክፍ ኣይኮነን። ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን መስርሕ ትቕጽሎ እንተ ኣለኻ ሽዑ ንሽዱሽተ ወርሒ ይካየድ። ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን መስርሕ ምስ ተወደአ ድሕሪኡ ንስኻን በዓል ቤትካን ናይ ገንዘብ ጉዳያትኩም ባዖልኹም ተሳልጥዎ። በዓልቲ ቤትካ ብዛዕባ ገንዘብ ዝወሃብ ኮርስ ክትመሃር ትኽእል።

## ንመንበሪ ዝወሃበኒ ገንዘብ ጠጠው ኢሉ። ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን መስርሕ ይምልከተኒ ድዩ?

ነኖእ። ድሕሪኡ R.S.D. ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን መስርሕ የቛርጾ እዩ። ድሕሪኡ ንመንበሪ ዝወሃበካ ገንዘብ የቛርጽ። ስለዚ ድማ ቀዋሚ ወጻኢታትካ ክንከፍለልካ ኣይ ንኽእልን።

---

## ሕቶታት ኣለካ ዶ?

ክትሓተና ወይ ድማ ኢመይል ክትሰደልና ትኽእል።

030 692 95 00
info@rsdkrh.nl

Het Rond 6e
3700 AA Zeist
030 692 95 00
info@rsdkrh.nl
www.rsdkrh.nl/inburgering

Regionale Sociale Dienst
KROMME RIJN HEUVELRUG

# ካብ ገንዘባዊ ሻቕሎት ምድሓን



# ካብ ገንዘባዊ ሻቕሎት ምድሓን



**ምስ ሕብረተሰብ ክትወሃሃድ ኢኻ። ዞባዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት *(R.S.D.)* ብዛዕባ እዚ ይሕግዘካ። ምስ ሕብረተሰብ ናይ ምውህሃድ ትምህርቲ ኣብ ትመሃረሉ ግዜ *R.S.D.* ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ይህበካ። እተን ቀዳሞት ሽዱሽተ ወርሒ ግን እቲ ገንዘብ በቐጥታ ኣይኮነን ዝወሃበካ። *R.S.D.* ካብቲ ዝወሃበካ ገንዘብ መጀመርያ እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ወጻኢታት ይኸፍል። እዚ ድማ ካብ ሻቕሎት ገንዘብ ምድሓን ይበሃል። ኣብዚ ጽሑፍ ካብ ሻቕሎት ገንዘብ ምድሓን እንታይ ከም ምኻኑን ንምንታይ ከምንገብሮን ክንገልጽ ኢና።**

## ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ እንታይ እዩ?

ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ንመንበሪኻ ዝኸውን ናትካ እኹል ገንዘብ እንተዘይብልካ ብመንግስቲ ዝወሃበካ ገንዘባዊ ሓገዝ እዩ። ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ግዝያዊ እዩ። ስጋብ ስራሕ ትረክብ። ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ብምምሕዳር እዩ ዝወሃበካ። ዞባዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (R.S.D.) ብስም ምምሕዳር ነዚ ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ይኸፍለካ።

## ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን እንታይ ማለት እዩ።

ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን ናይ ግድን ክውሰድ ዘሎዎ ክፋል ናይቲ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ትወስዶ ትምህርቲ እዩ። ኣብተን መጀመርያ ሽዱሽተ ወርሒ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ተሕልፎ ትምህርቲ ዞባዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (R.S.D.) ብዛዕባ ገንዘባዊ ጉዳያትካ ይሕግዘካ። ካብቲ ንመንበሪ ዝወሃበካ ገንዘባዊ ሓገዝ እቶም ኣገደስቲ ወጻኢታት ከም ክራይ ገዛ፡ ናይ ጸዓት ክፍሊትን ከምኡውን መድሕንን ንኸፍለልካ። ብጀካ እዚ ድማ ብዛዕባ ገንዘባዊ ጉዳያትካን ወረቓቕትኻን ብውልቂ ሓገዝ ይግበረልካ። ከምኡውን ኣብ ሆላንድ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ከመይ ከምዝኾነ ኣብ ኮርስ ትመሃር።
በዚ መንገዲ ድማ ናይ ገንዘብ ጉዳያትካ ባዕልኻ ከተሳልጥ ትመሃር።

## ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን ንምንታይ እዩ ኣገዳሲ?

ምስ ሕብረተሰብ ምስ ትወሃሃድ ምስጀመርካ ብዙሕ ነገራት ክሳለጥ ኣለዎ። ጻዕቂ ስራሕ ዘለዎ ግዜ እዩ። ስለዚ ኢና ድማ ኣብዚ ግዜ እዚ ብዛዕባ ናይ ገንዘብ ጉዳያትካ ንሕግዘካ። ከምዚ ክንገብር ድማ ብሕጊ ንግደድ ኢና። ኣገዳሲ ዘበለ ወጻኢታትካ ከምዝኽፈል ንገብር። ካብቲ ዝወሃበካ ገንዘብ። ስለዚ እዚ ኣየድልየካን። ባዕልኻ ክትገብሮ።

## ዞባዊ ህዝባዊ ኣገልግሎት (R.S.D.) ካብቲ ዝወሃበካ ገንዘብ ነየናይ ዝኽፈል እዩ ዝኸፍለልካ?

1. ክራይ ገዛኻ፡
2. ናይ ጥዕና መድሕንካ፡
3. ናይ ንብረትን ሓደጋን መድሕንካ፡
4. ጋዝ፡ ማይ፡ ኤለትሪክ።

## ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን ክንደይ ይወስድ?

ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን ካብቲ ንመንበሪ ዝወሃበካ ገንዘባዊ ሓገዝ ጀሚሩ ን ሽዱሽተ ወርሒ ይጸንሕ። ድሕሪ ሓሙሽተ ወርሒ ድማ ንስኻ ናይ ገንዘብ ጉዳያትካ ከመይ ጌርካ ባዕልኻ ከም ተሳልጦ ንዘራረብ። ንዓካ ዝሓሸ እንተኾይኑ ሓገዝና ክናዋሕ ይኽእል።
ቀስ ብቐስ ድማ ባዕልኻ ትኸፍሎ እንዳወሰኽ ይኸይድ።

## ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን ንክትኣቱ ብኸመይ መንገዲ ፍቓድ ትህብ?

ዞባዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (R.S.D.) ብዘይ ምኽንያት ኣብ መስርሕ ካብ ሻቕሎት ናይ ገንዘብ ምድሓን ከእትወካ ኣይክእልን። ኣብዚ መስርሕ ንምእታው ናትካ ፍቓድ የድሊ። እዚ ድማ ናይ ፍቓድ ወረቐት ብምምላእ ይከኣል። በዚ ወረቐት ጌርካ ድማ ንስኻ ንዓና ናይ ገንዘብ ጉዳያትካ ከነሳልጥ ፍቓድ ትህበና። ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ ዞባዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት (R.S.D.) እንተሓቲትካ እዚ ናይ ፍቓድ ምሃብ ወረቐት ትወሃብ። ናይ ማሕበር ስደተኛታት ማሕበራዊ ተሓጋጋዛይካ ነዚ ዝምላእ ወረቐት ንምምላእ ይሕግዘካ።

